
# ከመይ ጌርና መጻዕደዊ/ብሊች መሕጸቢ ኣካላት ንጥቀም


**ብሊች መሕጸቢ ኣካላት ቁጽሪ ባክተርያ ኣብ ቆርበት ክቕንሱ ይሕግዝ፣ እቲ መበላይ/ኤክዚማ ከይረክስ/ከይቆስል መታን። ብሊች መሕጸቢ ኣካላት ኣብ ህጻናትን ዓበይትን ንዝፍጠር ኤክዚማ ንምሕላው ክውዕል ይኽእል::**

**ንዓኹም ዘድልየኹም:**

- መሕጸብ ስብነት ጋብላ/ጥስቲ/ባኞ
- ማይ -ካብ ልዕሊ 30 ዲግሪ ሰንቲግሬድ ዘይውዕይ
- 10 ሊትሮ ናይ ገዛ ሸንኬሎ
- ሽታ ዘይብሉ ናይ ገዛ White King ንመጻዕደዊ/ ብሊች – 12 ሚሊ ሊትር ኣብ 1 ሊትሮ ማይ
- መሕጸብ ሰብነት ዘይቲ – ካብ 1 ክሳዕ 2 ሙሉእ ኩባያ ኣብ ነብሲ ወከፍ ምሕጸብ ሰብነት ከምኡ ንምግባር እንተተሓቢሩ
- ናይ መሕንበሲ ማይ ወይኻዓ ናይ መግቢ ጨው – 1/3 ኩባያ ኣብ 10 ሊትሮ ማይ ከምኡ ንምግባር እንተተሓቢሩ




ቕድሚ ምጅማርኩም ን ኣእዳውኩም ተሓጺብኩም ኣንቅጽዎ።





**ፍሉይ ምኽሪ**
እቲ ዓቐን ማይ ብቐዋሚ ምልክት ቀለም ወይ ብጽኑዕ ዝጠብቕ ቴፕ ጌርኩም ምልክት ክትገብረሉ ትኽእሉ፣ ሓንሳብ ጥራይ ክትዕቅንዎ መታን ከድልየኩም

ናይ 10 ሊትሮ ባልዲ ብምጥቓም ነቲ መሕጸቢ ባኞ ክሳብ'ቲ ዝድለ ዓቐን ምምላእ ክንደይ ዝኸውን ማይ ከምተወሰኸሉ ምዕቃን መታን ክትኽእል።





12 ሚሊ ሊትሮ መጻዕደዊ በብሕድሕድ 10 ሊትሮ ባልዲ ማይ ውሽጢ ምውሳኽን ናብ ባኞ መሕጸቢ ምፍሳስ (ንፍርቒ ዝመልአ መሕጸቢ ባኞ 1/4 ኩባያ መጻዕደዊ ምውሳኽ)። እንተተሓቢሩ ጨውን ናይ ምሕጸቢ ዘይቲን ወስኹሉ።





ንነፍሲ ወከፍ 10 ሊትሮ ባልዲ ማይ ናብ'ቲ መሕጸቢ ኣካላት ዝመልአ 1/3 ኩባያ ጨው ወስኸሉ





1-2 ሙሉእ ኩባያ መሕጸቢ ዘይቲ ወስኹሉ፣




ንውላድኻ በቲ ባኞ ውሽጢ ኣብ ትሓጽበሉ ግዘ ንናይ ውላድካ ገጽን ርዕሲ ከምርሓሰ ምርግጋፅ፤ ናብ ውላድኻ ዓይኒታት ማይ ከይኣትው ጥንቓቐ ክትገብር ኣለካ።



ውላድኻ መበላይ/ኤክዘማ ከምኡ'ውን ናይ ቆርበት ምንቓጽ እንተሃልይዎ ነዞም ቦታታት ቐስ ኣቢልካ ብምጽራይ ንናይ ቆርበት ምንቓጽ ንክጠፍእ ፈትን።



ውላድኻ ምስ ጸረየ ካብቲ ብሊች መሕጸቢ ባኞ ኣውጽኣዮም – ውላድኻ ድሕሪ ሰብነት ምሕጻብ ብማይ ጌርካ ዘይምልቕላቕ። ንውላድኻ ንክነቕጽ ቐስ ኣቢልካ በሽጎማኖ ደሪዝካ ኣንቅጾ።




ብናትኻ ሓኪም ወይ ነርስ ሰበሞያ ብዝተውሃበ መምርሒ መሰረት ቶፒካል ስተሮይድ መድሃኒት ን ናይ ቆርበት መለስለሲ ቅብዓትን ግበርሉ።

ንመግቢ ዘይምስምማዕ/ኣለርጂ መከላኸሊ ፕሮጀክት ዝተመስረተ ብ

ascia australasian society of clinical immunology and allergy

national allergy council

Allergy & Anaphylaxis Australia

እዚ ፕሮጀክቲ ሓገዝ ገንዘብ ካብ ኣውስትራሊያ መንግሥቲ ሓለዋ ጥዕና መምርሒ ተቐቢሉ።

ብኹርዓት ዝተደገፈ ብ Perth Children's Hospital Foundation